# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 12 ዓመት ቑ. 11
መቐለ ሚያዝያ 1996 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

12ኛ ዓመት ቁ. 11
መቐለ ሚያዝያ 1996ዓ.ም

## ደንቢ ኣታዊ ግብሪ ቤት ምኽሪ ፈፃሚት ስራሕ ብ/ክ/መ/ት ቑፅሪ ደንቢ 31/1995

*ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ዓንቐፅ --ንሕገ መንግስት ብ/ክ/መ/ት ዓንቐፅ 56/(7) ብዝተውሃቦ ስልጣን እዚ ደንቢ ኣውፂኡ ኣሎ።*

## ክፍሊ ሓደ
## ሓፈሻዊ

### *1. ሓፂር ርእሲ*

እዚ ደንቢ "ደንቢ ኣታዊ ግብሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ቑፅሪ 31/1995" ተባሂሉ ክጠቀስ ይከኣል።

### 2. ትርጉም

### *1. ኣብ ውሽጢ እዚ ደንቢ፦*

ሀ. ኣዋጅ ማለት ኣዋጅኣታዊ ግብሪ ቑፅሪ 286/1994 እዩ።

ለ. "ናይ ግብሪ ባዓል መዚ" ማለት ቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን በብርከቡ ዝርከቡ ኣካላት ኣከብቲ ግብሪ ናይዚ ብሄራዊ ክልል እዮም።

2. ኣብ ውሽጢ'ዚ ደንቢ ዘለዉ ቃላትን ሓረጋትን ብቲ ኣዋጅ ዝተውሃቦም ትርጉም ይህልዎም።

| | |
|---|---|
| ናይ ሓደ ዋጋ | 6.59 ብር |

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ ኣስፈጻሚ ምክር ቤት የገቢ ግብር ደንብ ቁጥር/31/1995

*የትግራይ ብሄራዊክልላዊ መንግስት የስራ ኣስፈጻሚ ምክር ቤት በገቢ ግብር አዋጅ ኣንቀጽ እና በት/ብ/ክ/መ ሕገ መንግስት ኣንቀጽ 56 /7/ በተሰጠው ስልጣን መሰረት ይህን ደንብ አውጥቷአል።*

## ክፍል አንድ
## ጠቅላላ

### *1. አጭር ርዕስ*

ይህ ደንብ "የትግራይ ብሄራዊ ክልል የገቢ ግብር ደንብ ቁጥር 31/1995" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

### 2. ትርጓሜ

### 1. በዚህ ደንብ ውስጥ፦

ሀ/ "አዋጅ" ማለት የገቢ ግብር አዋጅ ቁጥር 286/1994 ነው።

ለ/ "የግብር ባለስልጣን " ማለት የፋይናንስና ኢኮኖሚያዊ ልማት ቢሮና በየደረጃው የሚገኙ የብሄራዊ ክልሉ የግብር ሰብሳቢ ኣካላት ናቸው።

2. በዚህ ደንብ ውስጥ ያሉ ቃላቶችና ሐረጎች በአዋጁ የተሰጣቸው ትርጉም ይይዛሉ።

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፖ.ሳ
ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ
477

## ክፍሊ ክልተ

### ብመሰረት ሰደቓ "ሀ" ብዛዕባ ዝኽፈል ግብሪ

3. ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ብጥረ ገንዘብ ኮነ ብዓይነት ዝኽፈሉ ክፍሊታት ብመሰረት ሰደቓ "ሀ" ግብሪ ኣይኽፈሎምን::

ሀ/ ሰራሕተኛ ክሓምም እንተሎ እቲ ዝቖፀሮ ኣካል ንግልጋሎት ሕክምና ዝኽፈለሉ ገንዘብ፣

ለ/ ብመሰረት ውዕሊ ስራሕ ንሰራሕተኛ ዝኽፈል ናይ መዘዋወሪ ኣበል፣

ሐ/ ናይ ኣየር ፀባይ ኣበል::

መ/ሰራሕተኛ ካብ ስሩዕ ስራሕ ቦትኡ ወፃኢ ስርሑ ንምክያድ እንትዋፈር ዝኽፈሎ ናይ መጓዓዝያ ወፃኢን ውዕሎ ኣበልን::

ረ. ሰራሕተኛ ናብ ምድብ ቦትኡ እንትኸይድ፣ ናይ ስራሕ ግዝኡ ወዲኡ እንትምለስ ወይ ናይ ወፃኢ ዓዲ ዜጋ ብመሰረት ውዕሊ ዝኽፈሎ ወፃኢ መጓዓዝያ፣

ሰ. ኣባል ቦርድ ወይ ፀሓፊ ትካል ልምዓት መንግስቲ ወይ መንግስታዊ ኣብያተ ፅሕፈት ከምኡውን ናይ ፌደራልን ናይ ክልል መንግስታት ወይ ናይ ከተማን ወረዳን ምምሕዳራት ኣብ ዘጣይሽዎ ናይ መፅናዕቲ ጉጅለ ኣባል ወይ ፀሓፊ ብምዃን ዝኽፈል ኣበል፣

ሸ. ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝሰርሑ ሰራሕቲ ንምክያድ ኣብ መንበሪ ገዛ ዝቑፀሩ ሰባት ዝረኽብዎ ኣታዊ፣

ቀ. ቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ኣብዚ ዓንቀፅ ፊደል "ለ" መ"ን "ረ"ን ንዝተዘርዘሩ መጠን ክፍሊታት ናይ ምውሳን ስልጣን ተ ሂብዎ ኣሎ::

በ/ ቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚ ልምዓትን ኣብ ላዕሊ ካብ ግብሪ ነፃ ንዝኾኑ ዝተዘርዘሩ ኣታዊታት ወፃኢ ካሊእ እንተጋጥም ብመፅናዕቲ ዝተደገፈ ናብ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚት ብምቕራብ የወስን::

### 4. ብዓይነት ኣብ ዝውሃብ ጥቕሚ ግብሪ ምኽፋል:-

ግብሪ ዝኽፈለሉ ብዓይነት ዝውሃብ ጥቕሚ እንተጋጥም ቢሮ ፋይናንስ ኢኮኖሚ ልምዓትን ምስ ናይቲ እዋን ዕዳጋ ኣነፃፂሩ ብዘቀምጦ መጠን ገንዘብ ይትመን::

### 5. ግብሪ ኣብ/ልዕሊ ኣታዊ ብዛዕባ ምድማር:-

ብቐፃር ካብ ዝርከብ ኣታዊ ዝኽፈል ግብሪ ካብ ናይ ሰራሕተኛ መሃያ ተቖናሲ ከይተገበረ ቆፃሪ ነቲ ግብሪ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ዝኽፈለ እንተኾይኑ ብኸምዚ ዝተኽፈለ ግብሪ ኣብ ናይቲ ሰራሕተኛ ግብሪ

## ክፍል ሁለት

### በሠንጠረዥ"ሀ" መሠረት ስለሚከፈለው ግብር

3. ከግብር ነፃ የተደረጉ ገቢዎች

ከዚህ በታች የተዘረዘሩት በጥሬ ገንዘብ ወይም በዓይነት የሚከፈሉ ክፍያዎች በሠንጠረዥ "ሀ" መሠረት ግብር አይከፈልባቸውም::

ሀ. ሠራተኛ ሲታመም ቀጣሪም ለህክምና አገልግሎት የከፈለለት ገንዘብ፣

ለ. በሥራ ውል መሠረት ለሠራተኛ የሚከፈል የመዘዋወርያ አበል፣

ሐ/ የአየር ፀባይ አበል፣

መ/ ሠራተኛ ከመደበኛ የሥራ ቦታው ውጪ ሥራውን ለማከናወን ሲንቀሳቀስ የሚከፈለው የመጓጓዥ ወጪ እና ውሎ አበል፣

ረ/ ሠራተኛ ወደ ተመደበበት የሥራ ቦታ ሲሄድ፣ የሥራ ጊዜውን ጨረሶ ሲመለስ ወይም የውጭ አገር ዜጋ በውሉ መሠረት የሚከፈለው የመጓጓዣ ወጪ፣

ሰ/ የመንግሥት የልማት ሥራ ድርጅቶች ወይም የመንግሥት መ/ቤቶች ቦርድ አባል ወይም ፀሐፊ እንዲሁም የፌደራል እና የክልል መንግሥታት ወይም የከተማና ወረዳ መስተዳደሮች በሚያቋቁማቸው የጥናት ቡድኖች አባል ወይም ፀሐፊ በመሆን የሚከፈል አበል፣

ሸ/ የቤት ውስጥ ሥራዎችን ለማከናወን በመኖሪያ ቤት የሚቀጠሩ ሰዎች የሚያገኙት ገቢ፣

ቀ/ የፋይናንስና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ በዚህ አንቀጽ ፊደል ተራ "ለ"፣ "መ" እና"ሠ" የተዘረዘሩትን ክፍያዎች መጠንየመወሰን ሥልጣን ተሰጥቶታል::

በ/ ከግብር ክፍያ ነፃ እንዲሆኑ ከላይ ከተዘረዘሩት ውጭ የሆ ገቢዎች ሲያጋጥሙ የፋይናንስ ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ በጥናት የተደገፈ ሃሳብ ይዞ ለክልሉ የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በማቅረብ ያስወስናል::

### 4. በአይነት የሚሰጥ ጥቅሞች ስለሚሰሉበት ሁኔታ:-

ግብር የሚከፈልበት በአይነት የሚሰጡ ጥቅሞች ሲያጋጥሙ የሚሰሉት የፋይናንስና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ የወቅቱን የገበያ ዋጋ መሠረት በማድረግ በሚያስቀምጠው የገንዘብ መጠን ይሰላል::

### 5. የግብር ክፍያን በገቢ ላይ ስለ መደመር:-

በመቀጠር በሚገኝ ገቢ ላይ የሚከፈለው ግብር ከሠራተኛው ደመወዝ ላይ ተቀናሽ ሳይደረግ ቀጣሪው ግብሩን በሙሉ ወይም በከፊል የከፈለ እንደሆነ በዚህ አኳኋን የተከፈለው ግብር በሠራተኛው ግብር የሚከፈልበት ገቢ ላይ ተደምሮ በአንድነት

## ክፍሊ ሰለስተ

### ብመሰረት ሰደቓ /ለ/ ብዛዕባ ዝኽፈል ግብሪ

### 6. ግብሪ ዝኽፈሎ እታዊ

በቲ ኣዋጅ ክፍሊ 3 መሰረት ብሰደቓ "ለ" ግብሪ ዝኽፈሎ እታዊ ዝሕሰብ ካብዚ ንታሕቲ ከምዝተገለፀ ይኸውን::

1. ጠቕላላ እታዊ ዝስዕብ ይውስኽ:-

ሀ/ ተኻራይ ንመካረይ ብጥረ ገንዘብ ኮነ ብካልእ መልክዕ ዝኸፍሎ ሒሳብ፣

ለ/ ተካራይ ብሽም መካረይን ክንዲ መካረይ ኮይኑ ዝኸፍሎ ሒሳብ፣

ሐ/ ተካራይ ምስ መካረይ ብዝገበሮ ናይ ኪራይ ውዕሊ መሰረት ንምምሕያሽ ወይ ንምሕዳስ እቲ መሬት ወይ እቲ ገዛ ዝገበሮ ወፃኢ፣ በዚ ዓይነት ንመሬት ወይ ነቲ ገዛ መሐደሲ ወይ መመሓየሺ ዝገበሮ ወፃኢ ተካራይ ንመካራይ ካብ ዝኸፍሎ ናይ ገዛ ኪራይ ካልእ ብተወሳኺ እቲ ወፃኢ ተኸራይ ዝገበሮ እንተኾይኑ::

2. ግብሪ ዝኽፈለሉ እታዊ ኣብዝሕሰበሉ እዋን ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 16/1/ሐ/ ካብ ዝተጠቀሰ ወፃኢ ካብ ጠቕላላ እታዊ ካልእ ዝኾነ ተቐናሲ ኣይግበርን::

### 7. ኣቐዲሙ ብዛዕባ ዝፍፀም ክፍሊት፣

ናይ ሒሳብ መዝገብ ካብ ዝሕዝ ከፋሊ ግብሪ ወፃኢ፣ ንመካራይ ወይ ተካርዩ ዘካርይ ዝኽፈል ናይ ኪራይ ሒሳብ ካብ ሓደ ዓመት ንዝበለፀ ጊዜ እንተኾውን ጠቕላላ ካብ ኪራይ ዝረከብ እታዊ ክፍሊት ንዝተፈፀመሉ በጀት ዓመት እታዊ ኾይኑ ይቑፀር:: ኮይኑ ግና ከምዚ ኣብ ዝበለ እታዊ ዝኽፈል ግብሪ ዝውሰን ዝተረከበ እታዊ ነቲ ዝሽፈኖ ዓመታት ብትኽክል ብምድልዳል ይኸውን::

### 8. ብዛዕባ ናይ ንግዲ ትካላት ምክራይ፣

ትካል ንግዲ ንስራሕ ንግዲ ኣብ ጥቅሚ ምስ ዝውዕሉ ኣቑሑትን መሳርሒታትን ምስቲ ገዛ ብምክራይ ዝርከብ ናይ ኪራይ እታዊ ብመሰረት ሰደቓ /ሐ/ ግብሪ ዝኽፈሎ ይኸውን::

## ክፍል ሶስት

### በሠንጠረዥ "ለ" መሠረት ስለሚከፈለው ግብር

### 6. ግብር የሚከፈልበት ገቢ

በአዋጁ ክፍል 3 መሠረት በሠንጠረዥ "ለ" ግብር የሚከፈልበት ገቢ የሚታሰበው ከዚህ በታች እንደተገለፀው ይሆናል::

1. <u>ጠቅላላ ገቢ የሚከተሉትን ይጨምራል:-</u>

ሀ/ተከራዩ ለአካራዩ በጥሬ ገንዘብም ሆነ በሌላ መልክ የሚከፍልው ሂሳብ፣

ለ/ ተከራዩ በአከራዩ ስምና ስለአከራዩ ሆኖ የሚከፈለው ሂሳብ፣

ሐ/ ተከራዩ ከአከራዩ ጋር ባደረገው ኪራይ ውል መሠረት ለመሬቱ ወይም ለቤቱ ማሻሻያ ወይም ማደሻ የሚደረገው ወጪ፣ በዚህ ዓይነት የሚደረገው የመሬት ወይም የቤት ማደሻ ወይም ማሻሻያ ወጪ ተከራዩ ለአከራዩ ከሚከፍለው የቤት ኪራይ ሌላ በተጨማሪ ተከራዩ ወጪ የሚያደረገው ሲሆን::

2. ግብር የሚከፈልበት ገቢ በሚታሰብበት ጊዜ በአዋጁ አንቀፅ 16/1/ሐ/ ከተመለከተው ወጪ ከጠቅላላው ገቢ ላይ፣ ሌላ ማናቸውም ተቀናሽ አይደረግም::

### 7/ አስቀድሞ ስለሚፈፀም ክፍያ፣

ግብር ከፋይ የሂሳብ መዝገብ የሚይዝ ካልሆነ በስተቀር ለአከራይ ወይም ለተከራይ አከራይ የሚከፈለው የኪራይ ሂሳብ ከአንድ ዓመት ለሚበልጥ ጊዜ ሲሆን፣ ጠቅላላው ከኪራይ የሚገኘው ገቢ ክፍያው የተፈጸመበት የበጀት ዓመት ገቢ ሆኖ ይቆጠራል:: ሆኖም በእንደዚህ ያለ ገቢ ላይ የሚከፈለው ግብር የሚሰላው የተገኘው ገቢ በሚሸፍናቸው ዓመታት በትክክል ተደልድሎ ይሆናል::

### 8. የንግድ ድርጅትን ስለማከረየት

የንግድ ድርጅትን ለንግድ ሥራው ጥቅም ላይ የሚውሉ እቃዎችንና መሣሪያዎችን ከቤቱ ጭምር በማከረየት የሚገኘው የኪራይ ገቢ ግብር የሚከፈልበት በሠንጠረዥ "ሐ" መሠረት ግብር የሚከፈልበት ይሆናል::